# ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት

ንውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ዚምልከት ዓንቀጽ።



እዚ፣ ነቶም ስደተኛታት ዚኾኑ ቆልዑ ተባሂሉ ብዛዕባ እተራዕመን እተተርጐመን ውዕል መሰላት ቆልዑ ዚምልከት ካብ ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ እተጻሕፈ ደብዳቤ እዩ።

ቶማስ ሃማርበርግ (Thomas Hammarberg)፡ ነቲ መበቆላዊ ጽሑፍ ጽሒፉ። ኣብ ማእከል ቀሊል ንባብ (Center for Easy Reading) እትሰርሕ ሌና ኢሪካ ፋልክ (Lena Erika Falk) ድማ ነቲ ብቐሊሉ ዝንበብ ጽሕፍ ጽሒፉ።

ካብ መርበብ-ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ድማ ነቲ ጽሑፍ ዳውንሎኣድ ኽትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፥
www.barnombudsmannen.se

ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ
ኣድራሻ ጶስጣ፥ Box 22106,
104 22 Stockholm
ተሌፎን፥ 08-692 29 50

ኣፍርዪ፥: Barnombudsmannen
ስእልን ምትሓዝ ስርዓትን፥ Caroline Roberts
ሓታሚ፥ Ineko AB
ISBN 978-91-87448-89-8

# ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት

ንውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ዚምልከት ዓንቀጽ።



# Alla barn har egna mänskliga rättigheter

Känner du till barnkonventionen? Det är regler som ska skydda barnets rättigheter.

Barnkonventionens rättigheter ska gälla för alla barn i alla länder. Det spelar ingen roll om du är född i ett land, om du har flytt eller flyttat dit. Du har samma rättigheter.

Du som barn har egna särskilda mänskliga rättigheter.
I Sverige räknas du som barn tills du har fyllt 18 år.

Det betyder att du har rätt till skydd och omsorg. Men också att du har rätt att få göra din röst hörd i frågor som handlar om dig och ditt liv.

Barnkonventionen säger att det är regeringen i varje land som ska skydda barnet och ta ansvar för att barnet får sina rättigheter. Den regering som skriver på en konvention lovar att följa reglerna.

Många länder är fattiga. De har inte pengar till att ge barn olika rättigheter. Men det står i reglerna att de ska göra allt vad de kan.

Regeringar kan också be andra länder om hjälp. Det står i reglerna att länder ska samarbeta för barnets rättigheter.

Det finns olika sorters mänskliga rättigheter. FN har flera olika konventioner om mänskliga rättigheter.

En form av rättighet är att alla människor ska få säga vad de tycker och vara med i föreningar.

# ኩሎም ቆልዑ፥ ሰብኣዊ መሰላት ኣለዎም

ብዛዕባ ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ሰሚዕኩም ትፈልጡ?
እዚ፥ ንመሰላት ቆልዑ ኣብ ምሕላው ዝሕግዝ ሕግታት እዩ።

እዚ ውዕል መሰላት ቆልዑ፥ ኣብ ኩለን ሃገራት ንዘለዉ ኩሎም ቆልዑ ዚምልከት እዩ። ኣብ ሓንቲ ሃገር ተወሊድኩም ናብ ካልእ ሃገር ዝግዓዝኩም ወይ ናብ ካልእ ቦታ ዝግዓዝኩም ዋላ እንተኾንኩም ዘገድስ ኣይኮነን። ኩሉ ሰብ፥ ሓደ ዓይነት መሰላት ኣለዎ።

ከም ቆልዑ መጠን፥ ሰብኣዊ መሰላት ኣለኩም። ኣብ ስዊድን፥ ዕድሜኹም ክሳዕ 18 ዓመት ዝበጽሕ ከም ቆልዓ ትቑጸሩ።

እዚ ድማ ሓለዋን ክንክንን ንኽግበረልኩም መሰል ኣለኩም ማለት እዩ። ኣብቲ ንዓኹምን ህይወትኩምን ዘገድስ ጉዳያት ድማ ድምጽኹም ከተሰምዑ መሰል ኣለኩም።

ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት፥ መንግስቲ ናይ ነፍስወከፍ ሃገር፥ ንቆልዑ ሓለዋ ኽትገብረሎምን መሰላቶም ከተኽብርን ሓላፍነት ኣለዋ። ኣብዚ ውዕል ዝፈረመት ዝኾነት መንግስቲ፥ ነዚ ሕግታት ንኽትክተል መብጽዓ ኣትያ እያ።

ብዙሓት ሃገራት ድኻታት እየን። ንቖልዑ እተፈላለየ መሰላት ንኽህባ ድማ ገንዘብ የብለንን። እቲ ሕግታት ግን ዝኽእልኦ ኽገብራ ከምዘለወን ይሕብረን እዩ።

መንግስታት፥ ካልኦት ሃገራት ንኽሕግዝአን ክሓተአን ይኽእላ እየን። መንግስታት፥ መሰላት ቆልዑ ንምሕላው ብሓደ ክሰርሓ ከምዘለወን፥ እቲ ሕግታት ይሕብር እዩ።

እተፈላለየን ብዙሕን ሰብኣዊ መሰላት ኣሎ። ሕቡራት ሃገራት፥ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዚምልከት ኣዝዩ እተፈላለየ ውዕላት ኣለዎ።

En annan form av rättighet är att människor ska få äta sig mätta och lära sig att läsa och skriva.

I konventionen om barnets rättigheter finns alla sorters rättigheter med. Alla sorters rättigheter är lika viktiga.

## Nästan alla länder har skrivit på

Arbetet med konventionen om barnets rättigheter började 1979. 1989 var barnkonventionen klar.

Nu har nästan alla länder skrivit på konventionen. Ländernas regeringar lovar att följa reglerna.

FN har flera olika konventioner om mänskliga rättigheter. Men ingen annan konvention har fått så stort stöd av världens länder som barnkonventionen.

Varför? Det beror på flera olika saker.

Människor har mer och mer läst och sett i tv hur krig, fattigdom och orättvisor drabbar barn. Många föreningar har talat om för politiker hur barn har det.

Fler och fler politiker har förstått att det är viktigt med barnets rättigheter.



እቲ ሓደ ዓይነት መሰል፡ ኩሉ ሰብ እቲ ዝሰምዖ ክዛረብ ይግብኦን ኣብ ኮማዊ ውዳቤታት ክጽምበር ክኽእል ኣለዎን ዚብል እዩ።

እቲ ኻልእ ዓይነት መሰል፡ ኩሉ ሰብ ዝበልዖ እኹል እኽሊ ክረክብን ክምሃርን ከንብብን ክጽሕፍን ክኽእል ይግብኦ ዚብል እዩ።

ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኹሉ ዓይነታት እተፈላለየ መሰላት የጠቓልል። ኩሉ ዓይነታት መሰላት ድማ ብማዕረ ኣገዳሲ እዩ።

# ዳርጋ ኩለን ሃገራት ነዚ ውዕል ፈረመናሉ እየን

ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ብምትኳር ስራሕ እተጀመረሉ፡ ኣብ 1979 እዩ። ኣብ 1989 ድማ ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ምሉእ ብምሉእ ተዳልዩ ተወዲኡ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ዳርጋ ኩለን ሃገራት፡ ነዚ ውዕል'ዚ ፈሪመናሉ እየን። ኣብ እተፈላለያ ሃገራት ዘለዋ መንግስታት፡ ነዚ ሕግታት ንክኽተላ መብጽዓ ኣትየን እየን።

ሕቡራት ሃገራት፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዚምልከት ኣዝዩ እተፈላለየ ውዕላት ኣለዎ። እንተኾነ ግን፡ ከም ውዕል መሰላት ቆልዑ ዝኣመሰለ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ እተፈላለያ ሃገራት ብዙሕ ደገፍ ዝረኸበ የለን።

ንምንታይ ግን? እዚ ድማ ብምኽንያት ሓያሎ ነገራት እዩ።

ኩሉ ሰብ፡ ውግእ፡ ድኽነትን ዓመጽን ንመነባብሮ ቆልዑ ክሳዕ ክንደይ ይጸሉ ከምዘሎ ኣብ ተለቪዥን ስለዘንብብን ስለዝርእን እዩ። ብዙሓት ኮማዊ ውድባት ድማ ብዛዕባ ኩነታት ቆልዑ ብዚምልከት ንፖለቲከኛታት ስለዝሕብራ እየን።

ኣዝዮም ብዙሓት ፖለቲከኛታት ድማ ኣገዳስነት መሰላት ቆልዑ ስለዝርድኡ እዩ።

# Viktiga regler

De olika reglerna i konventionen om barnets rättigheter kallas för artiklar. Det finns 54 olika artiklar.
Alla regler är lika viktiga. Men det är ändå några artiklar som är bra att läsa först och att komma ihåg.
I artiklarna 2, 3, 6 och 12 finns viktiga regler.
När du läser de andra artiklarna ska du tänka på vad som står i de här artiklarna.

**Artikel 2** handlar om att reglerna gäller för alla barn.
Alla barn är lika mycket värda. Inga barn får bli diskriminerade, det vill säga bli sämre behandlade.
Det har ingen betydelse vilken färg barnet och barnets föräldrar har på huden, om barnet är flicka eller pojke, vilket språk barnet talar, vilken gud barnet tror på, om barnet har en funktionsnedsättning eller om barnet är rikt eller fattigt.
Mobbning i skolan kan till exempel vara diskriminering.

**Artikel 3** handlar om barnets bästa. Politiker, myndigheter och domstolar ska alltid tänka på vad som är bäst för barn när de bestämmer sådant som gäller barn.
I artikeln står det att barnets bästa ska komma i främsta rummet. Det betyder att det ibland finns saker som är viktigare än barnets bästa.
Men politikerna måste alltid kunna visa att de också har tänkt på barnen.

# ኣገዳሲ መሰላት

እዚ እተፈላለየ ሕግታት ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ዓንቀጻት ተባሂሉ ይጽዋዕ። 54 እተፈላለየ ዓንቀጻት ድማ ኣለዉ።
እዚ ኩሉ ሕግታት፡ ብማዕረ ኣገዳሲ እዩ። ፈለማ ከተንብብዎምን ክትዝክርዎምን ጽቡቕ ዝኾኑ ውሑዳት ዓንቀጻት ግን ኣለዉ።
ኣብ ዓንቀጻት 2፡ 3፡ 6 ከምኡውን 12 ኣገደስቲ ሕግታት ኣለዋ።
እዚ እተፈላለየ ዓንቀጻት ከተንብቡ ከለኹም፡ ብዛዕባ'ዚ ዓንቀጻት ዝብሎ ነገራት ክትሓስቡ ይግባእ።

ዓንቀጽ 2፡ እዚ ሕግታት ንኹሎም ቆልዑ ዚምልከት ምኳኑ ይሕብር።
ኩሎም ቆልዑ፡ ብማዕረ ኣገደስቲ እዮም። ዝኾነ ቆልዑ፡ ኣድልዎ ኺግበረሉ ኣይግባእን፥ ብኻልእ ቃላት ድማ ካብ ካልእ ቆልዓ ብዝኸፍአ ኣተሓሕዛ ክትሓዝ የብሉን ማለት እዩ።
እዚ ድማ ሕብሪ ቆርበት ቆልዓ ይኹን ወለዲ ቆልዓ፣ እቲ ቆልዓ ወዲ ይኹን ጓል ትኹን፣ እቲ ቆልዑ ዝዛረቦ ቋንቋ፣ ዝኣምኖ ኣምላኽ፣ እቲ ቆልዓ ስንክልና ይሃልዎ ወይ እቲ ቆልዓ ሃብታም ወይ ድኻ ይኹን ዘገድስ ኣይኮነን።
ኣብ ቤት ትምህርቲ ምፍርራህ፡ ሓደ ኣብነት ካብ ኣድልዎ እዩ።

ዓንቀጽ 3፡ ብዛዕባ ንቖልዓ ዘድሊ ብሉጽ ረብሓታት ይዛረብ።
ፖለቲከኛታት፡ ሰበ-ስልጣን መንግስትን ኣብያተ ፍርድን፡ ንቖልዑ ኣብ ዘካትት ጉዳያት ውሳኔ ኣብ ዝህብሉ እዋን ንቖልዓ ብዝበለጸ ንዘርብሕ ነገር ኩሉ ግዜ ግምት ክህቡ ይግባእ።
እዚ ዓንቀጽ'ዚ፡ ረብሓ ቆልዓ እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ክውሃቦ ከምዘለዎ ይሕብር። እዚ ድማ ሓደሓደ ግዜ ካብ ረብሓ ቆልዓ ንላዕሊ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገራት ስለዝህሉ እዩ።
ፖለቲከኛታት ግን ኣብ ቆልዑ ተገዳስነት ከምዘለዎም ኩሉ ግዜ ክርእዩ ክኽእሉ ኣለዎም።

**Artikel 6** handlar om att barnet har rätt till liv och utveckling. Rätt till liv betyder att länderna ska se till att barn inte blir dödade. Det kan vara både att barn inte blir dödade i krig och att barn får vård och mediciner när de är sjuka så att de inte dör av sjukdomar.
Rätt till utveckling betyder att länderna ska göra vad de kan för att ge barn en bra barndom.
Barn behöver många saker för att utvecklas bra. Det kan vara trygghet, kärlek, mat, sjukvård, ett hem, möjlighet att leka och att gå i skolan.

**Artikel 12** handlar om att barnet har rätt att säga hur det vill ha det. Vuxna ska lyssna på barn.
Myndigheter och domstolar ska fråga barnet vad det tycker och lyssna på barnet när de bestämmer saker som gäller barnet.
Det kan vara att lärarna i skolan frågar barnen vad de tycker innan de bestämmer saker.
Politiker i en kommun ska fråga barn vad de tycker innan de bestämmer om sånt som berör barn.



ዓንቀጽ 6፡ ንህይወትን ዕብየትን ቆልዑ ዚምልከት መሰል ዝሓዘ እዩ። ናይ ህይወት መሰል፡ ቆልዑ ክቕተሉ ከምዘይብሎም ሃገራት ከረጋግጻ ኣለወን ማለት እዩ። እዚ ድማ ቆልዑ፡ ኣብ ግዜ ውግእ ክቕተሉን ኣብ ዝሓመምሉ ግዜ ሕክምናዊ ክንክንን መድሃኒትን ክረኽቡ፡ ስለዚ ድማ ብሰንኪ ሕማም ሞት ኣይስዕብን ማለት እዩ።
መሰል ዕብየት፡ ቆልዑ ብጽቡቕ ናይ ቁልዕነት ግዜ ንኽሓልፉ ንኽረጋግጻ ሃገራት ዝከኣለን ኽገብራ ኣለወን ማለት እዩ።
ቆልዑ፡ ብጽቡቕ ንኽዓብዩ ብዙሕ ነገራት የድልዮም። እዚ ድማ ውሕስነት፡ ፍቕሪ፡ ምግቢ፡ ክንክን ጥዕና፡ መጽለልን ኣብ ቤት ትምህርቲ ክጻወቱ ክኽእሉን ዜጠቓልል እዩ።

ዓንቀጽ 12፡ ቆልዑ፡ ነቲ ክኾነሎም ንዝደልይዎ ነገራት ንኽዛረቡ ብዛዕባ ዘለዎም መሰላት ይዛረብ። ዓበይቲ ድማ ንቆልዑ ክሰምዑ ይግባእ።
ሰበ-ስልጣናት መንግስትን ኣብያተ-ፍርድን፡ ቆልዑ እንታይ ከምዝሰምዖም ክሓቱን ንቖልዑ ኣብ ዘካትት ውሳኔታት ድማ ኣብ ዝስውስንሉ እዋን ቆልዑ እንታይ ከምዝብሉ ክሰምዑን ኣለዎም። መምሃራን ድማ ኣብ ገለ ነገራት ቅድሚ ምውሳኖም ቆልዑ እንታይ ሓሳባት ከምዘለዎም ክሓትዎም ዘጠቓልል እዩ።
ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዝርከቡ ፖለቲከኛታት፡ ንቖልዑ ኣብ ዝጸሉ ነገራት ውሳኔ ቅድሚ ምሃቦም ቆልዑ እንታይ ሓሳባት ከምዘለዎም ክሓትዎም ኣለዎም።

# De andra artiklarna i konventionen om barnets rättigheter

**Artikel 1** handlar om vem som är barn. Alla människor under 18 år är barn.

**Artikel 4** handlar om hur länderna ska göra för att följa reglerna i konventionen. Länderna ska ändra sina lagar så att lagarna blir bra för barn.
Länderna ska göra allt de kan för att ge barn rättigheter.
Rika länder ska hjälpa fattiga länder.

**Artikel 5** handlar om att länderna måste förstå att det är föräldrarna som har ansvar för barnet. Föräldrarna ska hjälpa barnet så att det får sina rättigheter.

**Artikel 7 och 8** handlar om att alla barn har rätt att veta vem han eller hon är.
Barnet har rätt till ett namn och till att vara medborgare i ett land. Barnet har också rätt att veta vilka som är barnets föräldrar.

**Artikel 9** handlar om att barn alltid, när det går, ska få vara hos sina föräldrar.
Om föräldrarna skiljer sig har barnet rätt att träffa både mamma och pappa. Men ibland är det bäst för barnet att inte bo hos föräldrarna.
Och ibland är det bäst för barnet att inte träffa den ena föräldern. Det kan vara om föräldrarna slår barnet eller inte kan ta hand om sitt barn.

# ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ዘሎ ካልእ ዓንቀጻት

**ዓንቀጽ 1፡** ብዛዕባ ቆልዓ መን ምዃኑ ይዛረብ። ኩሎም ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመታት ዝኾኑ ሰባት፡ ከም ቆልዑ ይቑጸሩ።

**ዓንቀጽ 4፡** ብዛዕባ ሃገራት፡ ንሕግታት'ዚ ውዕል'ዚ ብኸመይ ክኽተላ ከምዘለወን ይዛረብ። ሃገራት ድማ እቲ ሕግታት ንቖልዑ ዝሰማማዕ መታን ክኸውን ንሕግታተን ይቕይራ።

**ዓንቀጽ 5፡** ወለዲ፡ ናይ ደቆም ሓላፍነት ዝሰከሙ ምዃኖም ሃገራት ክርድኣን ከምዘለወን ብንጹር ይሕብር። ወለዲ፡ ቆልዑ ዝድልዮም መሰላት ንኽረኽቡ ክሕግዝዎም ኣለዎም።

**ዓንቀጻት 7ን 8ን፡** ኩሎም ቆልዑ፡ መን ምዃኖም ክፈልጡ መሰል ኣለዎም ይብል።
ቆልዑ፡ ስም ክውንኑን ናይ ሓንቲ ሃገር ዜጋ ክኾኑን መሰል ኣለዎም።
ቆልዑ፡ ወለዶም መን ምዃኖም ክፈልጡ ድማ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 9፡** ቆልዑ ብዝተኻእለ መጠን ምስ ወለዶም ክቕመጡ ይግባእ ይብል።
ወለዲ እንተተፋቲሖም፡ እቲ ቆልዓ፡ ንኣቦን ኣደን ክረክብ መሰል ኣለዎ። ሳሕቲ ግን እቲ ቆልዓ ምስ ወለዱ ንኽቕመጥ ዘይጽቡቕ ኪኸውን ይኽእል እዩ።
ከምኡውን ሳሕቲ፡ እቲ ቆልዓ ንወለዱ ንኸይረክብ ዝበለጸ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ወለዱ ንውላዶም ዝሃርሙ እንተኾይኖም ወይ ንውላዶም ኽከናኸኑ ዘይክእሉ እንተኾይኖም ምኽንያት ኪኸውን ይኽእል እዩ።

**ዓንቀጻት 10ን 11ን፡** ቆልዑን ወለድን፡ ዋላ'ውን ኣብ እተፈላለያ ሃገራት ይቕመጡ ይሃልዉ፡ ንሓድሕዶም ንኽራኸቡ መሰል ኣለዎም ይብል።

**Artikel 10 och 11** handlar om att barn och föräldrar har rätt att träffa varandra även om de bor i olika länder.
En förälder får inte flytta till ett annat land med barnen utan att den andra föräldern vill det.
Länderna ska komma överens om hur de ska hjälpa barn och föräldrar så att de kan träffas.

**Artikel 13, 14 och 15** handlar om att barnet har rätt att säga vad det tycker.
Barnet har rätt att tänka fritt, att tro på vilken gud det vill och att vara med i olika föreningar.

**Artikel 16** handlar om att barnet har rätt till privatliv.
Det kan till exempel vara att föräldrar inte ska läsa sina barns brev och dagböcker. Det kan också vara att barnet ska kunna stänga en dörr och få vara i fred när det går på toaletten i skolan.

**Artikel 17** handlar om att barnet har rätt att läsa bra tidningar och böcker och få information på annat sätt, till exempel radio, tv och internet.
Länderna ska ha lagar som skyddar barnet mot filmer och texter som kan skada barnet.

**Artikel 18** handlar om att det är föräldrarna som tillsammans har ansvaret för barnet.
Föräldrar ska alltid tänka på vad som är bäst för barnet. Länderna ska hjälpa föräldrarna så att de kan vara bra föräldrar.
Ett sätt att hjälpa föräldrarna är att det finns bra förskola där barn kan vara när föräldrarna arbetar.

ሓደ ወላዲ፥ እቲ ኻልእ ወላዲ ከይፈለጠ ነቲ ቆልዓ ናብ ካልእ ሃገር ክወስዶ ኣይክእልን እዩ።
ሃገራት፥ ቆልዑን ወለድን ንሓድሕዶም ንኽራኸቡ ብኸመይ ክሕግዛ ከምዘለዎን ክሰማምዓ ኣለወን።

ዓንቀጻት 13፥ 14ን 15ን፥ ቆልዑ ዝሰምዖም ንኽዛረቡ ብዛዕባ ዘለዎም መሰል ይዛረብ።
ቆልዑ፥ ናጻ ኮይኖም ክሓስቡን ናብ ዝደለይዎ ኣምላኽ ክኣምኑን ናይ ካልእ ኮማዊ ውድብ ኣባል ክኾኑን መሰል ኣለዎም።

ዓንቀጻት 16፥ ቆልዑ፥ ውልቃዊ ህይወት ንኽነብሩ መሰል ኣለዎም ይብል።
ንኣብነት፥ ወለዲ፥ ንደብዳቤን መዘክርን ደቆም ከንብቡ ኣይክእሉን ማለት እዩ። እቲ ቆልዓ ድማ ኣብ ዓይኒ ምድሪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘለወሉ እዋን ንማዕጾ ዓጽዩ ንበይኑ ኪኸውን ክኸውን ኣለዎ ማለት እዩ።


ዓንቀጽ 17፥ ቆልዑ፥ ንጽቡቕ ዝትሕዝትኡ ጋዜጣታትን መጽሓፍን ንኸንብብ ከምኡውን ከም ራድዮ፥ ተለቪዥንን ኢንተርነት ዝኣመሰለ ካልእ ሜድያታት ሓበሬታ ክረክብ መሰል ኣለዎ ይብል።
ሃገራት፥ ንቖልዑ ክጉድእ ካብ ዝኽእል ፊልምታትን ጽሑፋትን ዝሕሉ ሕግታት ክህልወን ኣለዎ።

ዓንቀጽ 18፥ ክልቲኦም ወለዲ፥ ናይ ውላዶም ናይ ሓባር ሓላፍነት ኣለዎም።
ወለዲ፥ ንውላዶም ብዝበለጸ ኣብ ዝረብሕ ነገር ኩሉ ግዜ ከተኩሩ ኣለዎም። ሃገራት ድማ ወለዲ ንፋዓት ወለዲ ንኽኾኑ ንወለዲ ክሕግዛ ኣለወን።
ንወለዲ ዝሕግዝሉ ሓደ መገዲ፥ ወለዲ ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን እቶም ቆልዑ ክውዕልሉ ዝኽእሉ ጽቡቕ ቦታታት ቅድመ-ትምህርቲ ክህልዎም እዩ።

**Artikel 19** handlar om att skydda barn mot våld hemma.
Länderna ska skydda barn mot föräldrar och andra vuxna som slår barnet, är elaka mot barnet, eller tar hand om barnet dåligt på något annat sätt.
Det kan vara att föräldrarna missbrukar alkohol eller narkotika eller att föräldrarna utnyttjar barnet sexuellt.

**Artikel 20 och 21** handlar om barn som inte kan bo hemma hos sin familj.
Länderna ska se till att barnet får bo i en annan familj. Det bästa är om barnet får bo hos släktingar. Ibland kan ett barn adopteras av en familj i ett annat land.
Myndigheter och domstolar som bestämmer var barn ska bo ska alltid tänka på barnets bästa.

**Artikel 22** handlar om barn som är flyktingar. Länderna lovar att ge barn som kommer till landet skydd och hjälp.
Det gäller både barn som kommer ensamma och barn som kommer med sina föräldrar.
Ett ensamt barn ska få hjälp att hitta sina föräldrar. Om man inte kan hitta föräldrarna eller andra släktingar ska barnet få samma skydd och hjälp som andra barn får när de inte kan bo hos sina föräldrar.



ዓንቀጽ 19፡ ኣብ ገዛ ከጋጥሞም ካብ ዝኽእል ዓመጽ ንቖልዑ ብዛዕባ ምክልኻል ይዛረብ።
ሃገራት፡ ካብቶም ንቖልዑ ዝሃርሙ፣ ንቖልዑ ግዜ ዘይህቡ ወይ ብገለ መገዲ ንቖልዑ ክፉእ ኣተሓሕዛ ካብ ዝገብሩ ወለድታትን ዓበይቲ ሰባትን ንቖልዑ ክሕልዋ ኣለወን።
እዚ ድማ ንቖልዑ ብኣልኮል ወይ ዕጸ-ፋርስ ወይ ጾታዊ ምዝመዛ ኣቢልካ ንዝዕምጹ ወለዲ ከካትት ይኽእል።

ዓንቀጻት 20ን 21ን፡ ብዛዕባ'ቶም ምስ ስድራኦም ክቕመጡ ዘይክእሉ ቆልዑ ይዛረብ።
ሃገራት፡ እቲ ቆልዓ ምስ ካልእ ስድራ ክቕመጥ ዝኽእል ምዃኑ ከረጋግጻ ኣለወን። እቲ ዝበለጸ ድማ እቲ ቆልዓ ምስ ኣዝማዱ ክቕመጥ ዚኽእል እንተኾይኑ እዩ። ሳሕቲ ድማ እቲ ቆልዓ ኣብ ካልእ ሃገር ብዘላ ስድራ ክርዓም ይከኣል እዩ።
እቶም እቲ ቖልዓ ክቕመጠሉ ዘለዎ ቦታ ዝውስኑ ሰበ-ስልጣናት መንግስትን ኣብያተ-ፍርድን፡ ብዛዕባ ዝበለጸ ረብሓ ውላድ ኲሉ ግዜ ክሓስቡ ኣለዎም።

ዓንቀጽ 22፡ ብዛዕባ ስደተኛታት ዝኾኑ ቆልዑ ይዛረብ። ሃገራት፡ ነቶም ዝመጹ ቆልዑ ሓለዋን ሓገዝን ክህባ መብጽዓ ኣቲየን እየን።
እዚ፡ ነቶም ባዕሎም ዝመጹ ቆልዑን ምስ ወለዶም ዝመጹ ቆልዑን ዚምልከት እዩ።
ንበይኑ ዝመጸ ቆልዓ፡ ንወለዱ ንኽረክብ ሓገዝ ክውሃቦ ኣለዎ።
እቶም ወለዱ ወይ ካልኦት ኣዝማድ ክርከቡ ዘይከኣል እንተኾይኑ፡ እቲ ቆልዓ፡ ልክዕ ከምቶም ምስ ወለዶም ክቕመጡ ዘይከኣሉ ካልኦት ቆልዑ ዝረኽብዎ ዘለዉ ጸግዕን ሓገዝን ክቕበል ኣለዎ።

ዓንቀጽ 23፡ ብዛዕባ'ቶም ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ ይዛረብ።
ሃገራት፡ ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ፡ ጽቡቕ ህይወት ከምዝህልዎም ይገብራ።
ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክምሃሩን ብኻልእ

**Artikel 23** handlar om barn med funktionsnedsättning.
Länderna ska se till att barn med funktionsnedsättning får bra liv.
Barn med funktionsnedsättning ska kunna gå i skolan och vara med i samhället på andra sätt.
Barnet och barnets familj ska få den hjälp de behöver. Hjälpen ska vara gratis eller så billig att människor har råd att ta emot hjälp.
Länder ska tillsammans lära sig mer om hur de kan hjälpa barn med funktionsnedsättning på bra sätt.
Rika länder ska hjälpa fattiga länder.

**Artikel 24** handlar om barnets rätt till hälsovård och sjukvård.
Länderna lovar att göra allt de kan för att barn ska få bra hälsa.
Alla barn har rätt att få vård när de är sjuka. Kvinnor som väntar barn och mammor med nyfödda barn ska få bra vård.
Föräldrar ska få lära sig hur de ska mata och vårda sitt barn.
Rika länder ska hjälpa fattiga länder.

**Artikel 25** handlar om barn som inte bor hemma hos sina föräldrar.
Den myndighet som har ansvar för barnet ska se till att barnet får bra omvårdnad eller behandling.

**Artikel 26 och 27** handlar om barnets rätt till trygghet.
Familjer ska få hjälp så att barnet har det bra även om föräldrarna är fattiga, sjuka eller arbetslösa.
En förälder som inte bor med barnet ska också ta ansvar för sitt barn. Det kan vara att betala så att barnet får mat, kläder, bostad och annat som barnet behöver.

መገድታት ድማ ኣብ ሕብረተሰብ ተዋሳእቲ ክኾኑ ክኽእሉ ኣለዎም። ቆልዓን ስድራ ቆልዓን፡ እቲ ዘድልዮም ሓገዝ ክረኽቡ ኣለዎም። እቶም ሰባት ሓገዝ ክረኽቡ መታን ክኽእሉ፡ እቲ ሓገዝ፡ ብናጻ ወይ ብኣዝዩ ሕሱር ዋጋ ኪኸውን ይግባእ።
ሃገራት፡ ነቶም ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ ብኸመይ ክሕግዛ ብዛዕባ ዝኽእላሉ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ብሓደ ክሰርሓ ኣለወን።
ሃብታማት ሃገራት፡ ንድኻታት ሃገራት ክሕግዛ ኣለወን።

ዓንቀጽ 24፡ ንጥዕናን ክንክን ጥዕናን ብዛዕባ ዚምልከት መሰል ይዛረብ።
ሃገራት፡ ቆልዑ ጥዑያት ንኽኾኑ ብዝተኻእለ መጠን ኩሉ ነገር ንኽገብራ መብጽዓ ኣትየን እየን።
ኩሎም ቆልዑ፡ ኣብ ዝሓመምሉ እዋን ክንክን ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። እተን ንኽወልዳ ዝጽበያ ዘለዋ ኣንስትን ሓደስቲ ቆልዑ ዝወለዳ ኣዴታትን፡ ጽቡቕ ሕክምናዊ ክንክን ክረኽባ ይግባእ። ወለዲ ድማ ንደቆም ብኸመይ ክምግቡን ኽከናኸኑን ከምዝኽእሉ ክምሃሩ ኣለዎም።
ሃብታማት ሃገራት፡ ንድኻታት ሃገራት ክሕግዛ ኣለወን።

ዓንቀጻት 25፡ ብዛዕባ'ቶም ምስ ስድራኦም ኣብ ገዛ ዘይቅመጡ ቆልዑ ይዛረብ።
እቶም ኣብዞም ቆልዑ ሓላፍነት ዘለዎም ሰበ-ስልጣናት፡ እቶም ቆልዑ፡ ጽቡቕ ክንክንን ሕክምናን ይረኽቡ ከምዘለዉ ክረጋግጹ ኣለዎም።

ዓንቀጻት 26ን 27ን፡ ብዛዕባ መሰል ድሕነት ቆልዓ ይዛረብ።
ቆልዓ፡ ጽቡቕ ህይወት መታን ክህልዎ፡ ዋላ'ውን ወለዲ ድኻታት፡ ሕሙማት ይኹኑ ወይ ስራሕ ኣይሃልዎም፡ ስድራቤታት ሓገዝ ክረኽባ ኣለወን።
እቲ ምስ ውላዱ ዘይቅመጥ ወላዲ ድማ ንውላዱ ሓላፍነት ክስከም ኣለዎ። ውላዱ፡ ምግቢ፡ ክዳን፡ መጽለልን ነቲ ቖልዓ ዘድልዮ ካልእ ነገርን ንኽረክብ እቲ ወላዲ ገንዘብ ክኸፍል ዜጠቓልል ኪኸውን ይኽእል እዩ።

**Artikel 28** handlar om barnets rätt att gå i skolan.
Alla barn ska gå i grundskolan. Det ska vara gratis. Länderna ska se till att fler barn får gå i gymnasiet och annan högre utbildning.
Rika länder ska hjälpa fattiga länder.

**Artikel 29** handlar om vad barnet ska lära sig i skolan.
Varje barn ska få utvecklas så mycket det går. Barnet ska vara väl förberett för sitt liv som vuxen.
Barnet ska lära sig om mänskliga rättigheter och att alla människor är lika mycket värda.
Barnet ska också lära sig att vara rädd om naturen.

**Artikel 30** handlar om barn som tillhör minoriteter eller ursprungsfolk.
I Sverige finns barn som är samer, sverigefinnar, tornedalingar, romer och judar. De har rätt till sitt språk, sin kultur och sin religion.



**ዓንቀጽ 28፡ ቆልዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክምሃር ኣለዎ ብዛዕባ ዚብል መሰል ይዛረብ።**

ኩሎም ቆልዑ፡ ሰዋስው ክመሃርሉ ኣብ ዝኽእሉ ቤት ትምህርቲ ክምሃሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ብናጻ ድማ ኪኸውን ኣለዎ። ሃገራት፡ ብዙሓት ቆልዑ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃን ዩኒቨርሲትን ከምዝምሃሩ ኽገብራ ኣለወን።

ሃብታማት ሃገራት፡ ንድኻታት ሃገራት ክሕግዛ ኣለወን።

**ዓንቀጽ 29፡ ብዛዕባ'ቲ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክምሃርዎ ዘለዎም ነገራት ይዛረብ።**

ነፍስወከፍ ቆልዓ፡ ብዝተኻእለ መጠን ክመሃርን ከምዝዓቢ ኽግበረን ኽከኣል ኣለዎ። ቆልዑ፡ ምስ ዓበዩ ንዘጋጥሞም ህይወት ብጽቡቕ እተዳለዉ ክኾኑ ኣለዎም።

ቆልዑ፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላትን ኩሉ ሰብ ድማ ብማዕረ ኣገደሲ ምዃኑን ክፈልጡ ኣለዎም።

ቆልዑ፡ ንተፈጥሮ ከኽብሩ ከምዘለዎም ድማ ክፈልጡ ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 30፡ ብዛዕባ'ቶም ዓሌታዊ ውሁዳን ወይ ደቀባት ዚኾኑ ቆልዑ ይዛረብ።**

ኣብ ስዊድን፡ ሳሚ (Sami)፡ ስዊድናዊ ፊን (Swedish-Finns) ዝበሃሉን ተወለድቲ ቶርነዳሊያን (Tornedalians)፡ ሮማ (Roma) ከምኡውን ኣይሁድ ዝኾኑ ቆልዑ ኣለዉ። ኣብ ቛንቛኦም፡ ባህሎምን ሃይማኖቶምን ድማ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 31፡ ቆልዓ ንኽጻወት፡ ከዕርፍን ናጻ ግዜ ንኽህልዎን ብዛዕባ ዚምልከት መሰል ይዛረብ።**

**ዓንቀጽ 32፡ ንቆልዑ ካብ ሓደገኛ ስራሕ ብዛዕባ ምሕላው ይዛረብ።**

**ዓንቀጽ 33፡ ንቖልዑ ካብ ዕጸ-ፋርስ ብዛዕባ ምሕላው ይዛረብ።**

**Artikel 31** handlar om att barnet har rätt till lek, vila och fritid.

**Artikel 32** handlar om att skydda barnet mot farligt arbete.

**Artikel 33** handlar om att skydda barnet mot narkotika.

**Artikel 34** handlar om att skydda barnet mot att vuxna tvingar dem till sex eller att barnet tvingas att sälja sex.

**Artikel 35 och 36** handlar om att skydda barnet mot att bli utnyttjat på något annat sätt.
Det kan vara att någon säljer ett barn för att barnet ska arbeta i en fabrik. Det kan vara att någon tar ett barn från föräldrarna för att sälja barnet till en annan familj.
Men det är också ett skydd mot alla andra sätt att utnyttja barn som någon kan komma på.

**Artikel 37** handlar om att skydda barnet mot dödsstraff, livstids fängelse och tortyr.
Tortyr är när man plågar en person för att den ska berätta något.
När det är en rättegång mot ett barn har barnet rätt att få hjälp av en jurist, en person som har kunskap om lagar. Barn som sitter i fängelse får inte bli dåligt behandlade.
Barn ska inte vara i samma fängelse som vuxna. Barn som sitter i fängelse ska kunna få besök av sin familj och brevväxla med sin familj.

**Artikel 38** handlar om att barn inte ska vara soldater.



ዓንቀጽ 34፡ ካብቶም ንስጋዊ ርክብ ጸቕጢ ዝገብርሎም ወይ ንጾታዊ ርክብ ንኽሽየጥ ጸቕጢ ዝገብርሎም ዓበይቲ ንቖልዑ ብዛዕባ ምሕላው ይዛረብ።

ዓንቀጻት 35ን 36ን፡ ብኻልእ ኣገባባት ንቖልዑ ንኸይምዝመዙ ብዛዕባ ምሕላው ይዛረብ።
እዚ ድማ ኣብ ፋብሪካ ንኽሰርሕ ንቖልዓ ንዝሸጥ ሰብ ኽካትት ይኽእል እዩ። ንቖልዓ ካብ ወለዱ ብምውሳድ ናብ ካልእ ስድራ ዝሸይጥ ዝኾነ ሰብ ክኸውን ድማ ይኽእል እዩ።
ካብቲ ከጋጥም ዚኽእል ካልእ ኩሉ ዓይነታት ምዝመዛ ቖልዓ ምሕላው ድማ እዩ።

ዓንቀጽ 37፡ ንቖልዑ ካብ መቕጻዕቲ ሞት፡ ናይ ምሉእ ዕድመ ማእሰርትን ስቓይን ብዛዕባ ምሕላው ይዛረብ።
ስቓይ፡ ሓደ ሰብ ገለ ነገር ንኽዛረብ ተባሂሉ ካልእ ሰብ ከሳቕዮ ከሎ እዩ።
ቆልዓ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን፡ ንሕጊ ዝፈልጥ ሰብ ማለት ጠበቓ ንኽረክብ መሰል ኣለዎ። እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝቕየዱ ቆልዑ፡ ክፉእ ኣተሓሕዛ ኽግበረሎም የብሉን።
ቆልዑ፡ ኣብቲ ዓበይቲ ዝቕየድሉ ቤት ማእሰርቲ ክእሰሩ የብሎምን።
እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝቕየዱ ቆልዑ፡ ስድራቤቶም ምብጻሕ ኽገብሩሎምን ናብ ስድራኦም ደብዳቤታት ክጽሕፉን ክኽእሉ ኣለዎም።

ዓንቀጽ 38፡ ቆልዑ፡ ወተሃደራት ክኾኑ የብሎም ይብል።

**Artikel 39** handlar om att länderna ska hjälpa barn som har blivit utnyttjade så att barnet kan må bra och leva ett vanligt liv. Det kan vara barn som har varit soldater i krig.

**Artikel 40** handlar om barn som är misstänkta för något brott. Länderna lovar att behandla barnet bra och att ge barnet en rättvis rättegång.

**Artikel 41** handlar om att länderna gärna får göra mer än det som står i konventionen för att ge barnet rättigheter.

**Artikel 42** handlar om att länderna lovar att se till att både barn och vuxna vet vilka regler som finns i barnkonventionen.

**Artiklarna 43–54** är regler för hur länderna ska göra för att följa barnkonventionen.



ዓንቀጽ 39፡ ሃገራት፡ ጽቡቕን ንቡርን ህይወት ክነብሩ መታን ክኽእሉ፡ ነቶም ምዝመዛ እተገብረሎም ቆልዑ ክሕግዛ ኣለዎም ይብል።
እዚ ድማ ነቶም ኣብ ውግእ እተሳተፉ ቆልዑ ኸካትት ይኽእል እዩ።

ዓንቀጽ 40፡ እቶም ዓመጽ ፈጺሞም ተባሂሎም ብዛዕባ እተጠርጠሩ ቆልዑ ይዛረብ። ሃገራት፡ ንቖልዑ ጽቡቕ ክሕዛን ግቡእን ፍትሓውን ፍርዳዊ መስርሕ ክህባን መብጽዓ ኣትየን እየን።

ዓንቀጽ 41፡ ሃገራት፡ ንቖልዑ መሰላት ንኽህባ ኣብቲ ውዕል ካብ እተጠቕሰ ንላዕሊ ኽገብራ ከምዝኽእላ ይዛረባ።

ዓንቀጽ 42፡ ሃገራት፡ እቶም ቆልዑን ዓበይትን ኣብዚ ውዕል መሰላት ቆልዑ ዘሎ መምርሒታትን ሕግታትን ከምዝፈልጡ ንኽገብራ መብጽዓ ክኣትዋ ከምዘለወን ይዛረብ።

ዓንቀጻት 43 — 54፡ ሃገራት፡ ንውዕል መሰላት ቆልዑ ብኸመይ ክኽተላ ከምዘለወን ዚገልጽ መምርሒታት እዩ።

# FN:s barnrättskommitté

I FN:s hus i staden Genève i Schweiz arbetar en grupp människor som ska se till att länderna följer reglerna i barnkonventionen.

Det är FN:s barnrättskommitté. Länderna ska då och då lämna rapporter till barnrättskommittén.

Länderna lovar också att människor i landet ska få läsa rapporterna för att kunna diskutera vad som är bra och dåligt för barnen i landet.

I barnrättskommittén arbetar arton personer. De kommer från olika länder och alla är barnexperter. Experterna läser ländernas rapporter.

Ibland finns det flera rapporter från samma land. Föreningar som arbetar för barnets rättigheter kan göra egna rapporter om hur barn har det i landet.

Sedan har barnrättskommittén ett möte. Några personer som arbetar för landets regering kommer dit.

De får svara på frågor om vad de har gjort för barn och vad de tänker göra för att det ska bli bättre.

Barnrättskommittén är ingen domstol. Den kan inte straffa länder som låter bli att följa reglerna i barnkonventionen.



# ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት

ኣብ ከተማ ጀነቭ፣ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝርከብ ህንጻ ሕቡራት ሃገራት እትረከብ ጉጅለ ሰባት፣ ሃገራት ንሕግታት ውዕል መሰላት ቆልዑ ከምዝኽተላ ኣብ ምግባር ይሰርሑ ኣለዉ።

እዛ ጉጅለ ድማ ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት እያ። ሃገራት፣ ጸብጻበን በብግዚኡ ናብ ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ከቕርባ ኣለወን።

ሃገራት፣ ኣብተን ዓደን ዘለዉ ሰባት፣ ነቶም ኣብ ዓደን ዘለዉ ቆልዑ ጽቡቕን ሕማቕን ብዛዕባ ዝኾነ ነገራት መታን ክዘራረቡ፣ ነቲ ጸብጻባት ከምዘንብቡ ኽገብራ መብጽዓ ኣትየን እየን።

ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ፣ ን18 ሰባት ዜካተተ እዩ። ካብ እተፈላለያ ሃገራት ዝመጹ ኮይኖም፣ ኩሎም ድማ ክኢላታት ቆልዑ እዮም። እዞም ክኢላታት፣ ነቲ ካብ እተፈላለያ ሃገራት ዝመጸ ጸብጻባት የንብቡ።

ኣብ ገለ እዋናት፣ ካብ ሓንቲ ሃገር ሓያሎ ጸብጻባት ይቐርብ እዩ። እተን ኣብ መሰላት ቆልዑ ዝሰርሓ ኮማዊ ውድባት፣ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገረን ዘሎ ኩነታት ቆልዑ ዚምልከት ጸብጻባት ከቕርባ ድማ ይኽእላ እየን።

ድሕሪ'ዚ ድማ ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ኣኼባ የካይድ። ገለ ካብቶም ምስ መንግስታት ሃገራት ዝሰርሑ ሰባት ድማ ኣብቲ ኣኼባ ይሳተፉ እዮም።



Men barnrättskommittén kan ge förslag på vad länderna kan göra för att det ska bli bättre. Ibland kan länderna få hjälp av FN eller av andra länder.

Meningen är att barn ska få sina rättigheter.


## FN:s barnrättskommitté arbetar på flera olika sätt

Barnrättskommittén kan kalla en regering till ett möte när som helst. Det kan vara om FN får veta att barn blir mycket dåligt behandlade i ett land.

Kanske har något barn skrivit ett brev till barnrättskommittén och talat om vad som händer.

Barnrättskommittén kan ordna möten för att prata om särskilda problem.

Det har varit möten om barn i krig, barn som har farliga arbeten, flickors rättigheter och barn som sitter i rullstol eller har andra funktionsnedsättningar.



ንቕልዑ ብዚምልከት ብዛዕባ እተሰርሐን ንህይወት ቆልዑ ንምምሕያሽ ብዛዕባ ክገብርዎ ዝሓስብዎ ነገራትን ዚምልከት ሕቶታት ይምልሱ።

ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ፡ ንሕጊ ዚምልከት ቤት ፍርዲ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ንዘሎ ሕግታት ንዘይክተላ ሃገራት ክቐጽዕ ኣይክእልን እዩ።

ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ፡ ሃገራት ከመሓይሽኦ ብዛዕባ ዘለወን ነገራት ኣመልኪቱ ምኽርታት ክህብ ይኽእል። ሳሕቲ ድማ ሃገራት፡ ካብ ሕቡራት ሃገራት ወይ ካልኦት ሃገራት ሓገዝ ክረኽባ ይኽእላ እየን።

እቲ መደብ፡ ንቖልዑ መሰላት ከምዝረኽቡ ምግባር እዩ።

# ኮሚተ መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ብዝተፈላለየ መገድታት ብኸመይ ይሰርሕ

ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ንሃገራት ናብ ኣኼባ ክጽውዐን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ሕቡራት ሃገራት፡ ቆልዑ፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ብኣዝዩ ሕማቕ ኣገባብ ይትሓዙ ከምዘለዎ ኣብ ዝፈለጡሉ እዋን ኪኸውን ይኽእል።

ዝኾነ ቆልዓ ድማ ንኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ደብዳቤ ጽሒፉ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጥም ዘሎ ነገራት ምስዝገልጽ እዩ።

ኮሚቴ መሰላት ቆልዑ፡ ብዛዕባ'ቲ ፍሉይ ጸገማት ንኽዘራረብ ኣኼባ ኪውድብ ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ'ቶም ኣብ ውግእ ዘለዉ ቆልዑ፡ ኣብ ሓደገኛ ስራሕ ዝሰርሑ ዘለዉ ቆልዑ፡ ብዛዕባ'ቲ መሰላት ናይቶም ብዓረብያ ስንኩላን ዝጉዓዙ ወይ ስንኩላን ዝኾኑ ኣዋልድን ቆልዑን ኣመልኪቱ ኣኼባታት ተኻዪዱን ይካየድን ኣሎ።

# Fler länder har börjat tänka på barns rättigheter

Naturligtvis följer inte alla länder reglerna i barnkonventionen.

En del länder bryter mot många regler. I en del fattiga länder har barn farliga arbeten. Det är kanske så att flickor och barn med funktionsnedsättning inte får gå i skolan.

De flesta länder har svårt att följa alla regler. Också Sverige har fått kritik av barnrättskommittén.

Men politiker i många länder har börjat tänka mer på barns rättigheter när de bestämmer olika saker.

Flera länder har fått nya lagar som är bra för barn. I flera länder finns nu barnombudsmän som arbetar med att påminna de som bestämmer om barns rättigheter.

I Sverige finns Barnombudsmannen sedan år 1993.
Lärare och andra som arbetar med barn får lära sig om barnets rättigheter.

Nya föreningar har börjat arbeta för barnets rättigheter.
Biståndsorganisationer tänker mer på vad som är bra för barn när de hjälper människor i fattiga länder.

De här sakerna har länder visat i sina rapporter till barnrätts-kommittén.

# ብዙሓት ሃገራት፣ ብዛዕባ መሰላት ቆልዑ ክሓስባ ጀሚረን ኣለዋ

ኩለን ሃገራት፣ ንሕግታት ውዕል መሰላት ቆልዑ ብሓቂ ኣይክተላን እየን።

ገለ ሃገራት፣ ንብዙሕ ሕግታት ይጥሕሳ እየን። ኣብ ሓያሎ ድኻታት ሃገራት ድማ ቆልዑ፣ ኣብ ሓደገኛ ስራሕ ይሰርሑ እዮም። ኣዋልድን ስንክልና ዘለዎም ቆልዑን፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኸምሃሩ ኣይክእሉን እዮም።

ብዙሓት ሃገራት፣ ንኹሉ ሕግታት ኣብ ምኽታል ይጽገማ እየን። ስዊድን፣ ካብ ኮሚተ መሰላት ቆልዑ ገለ ነቐፌታ ረኺባ እያ።

እንተኾነ ግን፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዘለዉ ፖለቲካውያን፣ ኣብ እተፈላለየ ጉዳያት ውሳኔ ኣብ ዝህብሉ እዋን ብዛዕባ መሰላት ቆልዑ ብዝያዳ ክሓስቡ ጀሚሮም ኣለዉ።

ብዙሓት ሃገራት፣ ንቖልዑ ዝጠቅም ሓደስቲ ሕግታት ኣዳልየን ኣለዋ። ኣብ ሓያሎ ሃገራት፣ ነቶም ብዛዕባ መሰላት ቆልዑ ሕግታት ዘውጽኡ ሰበ-ስልጣናት ኣብ ምዝኽኻር ዝሰርሕ ወኪል መሰላት ቆልዑ ማለት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ኣብዚ እዋን ኣለወን።

ስዊድን፣ ካብ 1993 ጀሚሩ ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ኣለዋ። መምሃራንን እቶም ምስ ቆልዑ ዝሰርሑ ካልኦት ሰባትን፣ ብዛዕባ መሰላት ቆልዑ ኽመሃሩ ኣለዎም።

ሓደስቲ ኮማዊ ውድባት፣ ኣብ መሰላት ቆልዑ ክሰርሓ ጀሚረን ኣለዋ። ትካላት ረድኤት፣ ኣብ ድኻታት ሃገራት ንዘለዉ ሰባት ክሕግዛ ከለዋ ብዛዕባ ንቖልዑ ዝጠቅም ነገራት ብዝያዳ ይሓስባ ኣለዋ።


ሃገራት፣ ኣብቲ ንኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ኣብ ዘቕረባኦ ጸብጻበን ከመልክትኦ ዘለወን ነገራት ኣሎ።

# Barnets rättigheter i framtiden

Barnkonventionen har funnits sedan 1989. Nästan alla länder har lovat att följa reglerna. De flesta länder har lämnat rapporter till barnrättskommittén.

Nu är det dags att se till att barnen verkligen får de rättigheter som finns i konventionen.

Därför är det viktigt att människor vet vilka regler som finns i konventionen. Då kan de börja diskutera hur det kan bli bättre för barn i Sverige och i andra länder.



# ኣብ መጻኢ ዝህሉ መሰላት ቆልዑ

ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ካብ 1989 ጀሚሩ ይዓዪ ኣሎ። ዳርጋ ኩለን ሃገራት ድማ ነዚ ሕግታት ንኽኽተላ መብጽዓ ኣትየን ኣለዋ። መብዛሕተን ሃገራት፡ ጸብጻበን ንኮሚቴ መሰላት ቆልዑ ኣቕሪበን ኣለዋ።

ቆልዑ፡ ነቲ ኣብ ውዕል ተዘርዚሩ ዘሎ መሰላት ብሓቂ ረኺቦም ከምዘለዎ ምርግጋጽ ግዚኡ እዩ።

ስለዚ፡ ነቲ ኣብ ውዕል ተዘርዚሩ ዘሎ መምርሒታት ሰባት ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ነቶም ኣብ ስዊድንን ካልኦት ሃገራትን ዝርከቡ ቆልዑ ዝሓሸ ህይወት ብዛዕባ ዝህልዎም ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም።

# Hit kan du vända dig om du har frågor om dina rättigheter

**Migrationsverket** är en myndighet som tar emot ansökningar från personer som vill komma till Sverige och utreder om de har tillräckliga skäl för att få stanna här. De kan svara på frågor om asylprocessen.
Telefon: 0771-235 235 måndag–fredag kl 08.00–16.00.
Om du ringer från utlandet: +46 771 235 235

**Inspektionen för vård och omsorg (IVO)** är en myndighet som kontrollerar att barn och unga som inte bor med sin familj har det bra där de är placerade.
Du kan berätta om det som inte fungerar bra på det boende där du är, i kontakt med socialtjänsten eller hälso- och sjukvården.
Telefon: 020-120 06 06 måndag–fredag kl 12.00–19.00.

**Skolinspektionen** är en myndighet som arbetar för att alla elever ska få en bra utbildning i en trygg miljö.
De kan svara på frågor om din rätt till utbildning. Du kan också anmäla när något inte fungerar som det ska i skolan.
Telefon: 08-527 332 00 måndag–fredag kl 9.30–15.00.

**Rädda Barnen** är en organisation som stöder barn i utsatta situationer – i Sverige och i världen. De har mottagningar för barn och ungdomar i Stockholm, Göteborg, Malmö och Umeå.
Telefon: 08-698 90 00 måndag–torsdag kl 8.30–17.00 och fredag kl 12.45–16.00.

# ብዛዕባ መሰላትኩም ዚምልከት ንዘለኩም ሕቶታት ዚኸውን መልስታት ኣብዚ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ትካል ስደተኛታት ስዊድን፡** ካብቶም ናብ ስዊድን ክመጹ ዝደልዩ ሰባት ንዝመጽእ መመልከቲታት ብምቕባል፡ ኣብዚ ንኽቕመጡ እኹል ምኽንያት እንተልዩዎም ድማ ይውስን። ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ብዚምልከት ንዘለኩም ሕቶታት ድማ ክምልስ ይኽእል እዩ።
ተሌፎን፥ 0771-235 235 ሰኑይ-ዓርቢ 8:00 ቕ.ቐ ክሳዕ 4:00 ድ.ቐ
ካብ ወጻኢ ሃገራት እትድውሉ እንተኾይንኩም፥ +46 771 235 235

**ተቖጻጻሪ ጥዕና ማሕበራዊ ክንክንን (IVO)፡** እቶም ምስ ስድራኦም ዘይቕመጡ ዘለዉ ቖልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ ኣብቲ ዝቕመጥሉ ዘለዉ ቦታ ጽቡቕ ይነብሩ ከምዘለዉ ዚቖጻጸር ትካል መንግስቲ እዩ። ኣብቲ ዘለኽሙዎ ቦታ ጽቡቕ ብዛዕባ ዘየሎ ነገራት ንማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ጥዕናውን ድሕነታውን ኣገልግሎታትን ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ተሌፎን፥ 020-120 06 06 ሰኑይ-ዓርቢ ካብ 12:00 ድ.ቐ - 7:00 ድ.ቐ

**ተቖጻጻሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ስዊድን፡** ኲሎም ተማሃሮ ብሉጽ ትምህርቲ ኣብ ውሑስ ኣከባቢ ንኽረኽቡ ዜረጋግጽ ናይ መንግስቲ ትካል እዩ። ብዛዕባ ኣብ ትምህርቲ ዘለኩም መሰላት ንዘለኩም ሕቶታት ክምልሱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ቤት ትምህርትኹም፡ ከምቲ ዚግባእ ይሰርሕ እንተዘየልዩ ጸብጻብ ኸተቕርቡ ድማ ትኽእሉ ኢኹም።
ተሌፎን፥ 08-527 332 00 ሰኑይ-ዓርቢ ካብ 9:30 ቕ.ቐ - 3:00 ድ.ቐ

**Save the Children helpline** är till för barn som kommer ensamma till Sverige.
Du kan ringa om vad som helst och du kan vara anonym.
Du kan prata arabiska, dari eller engelska. Samtalet kostar inget.
Telefon: 0200-77 88 20 varje dag kl 15.00–18.00.

**Rådgivningsbyrån för asylsökande och flyktingar (Sweref)** är en organisation som erbjuder kostnadsfri juridisk rådgivning. De svarar på frågor om asyl, familjeåterförening, svenskt medborgarskap och den svenska utlänningslagstiftningen.
Telefon: 0200-88 00 66 måndag–onsdag kl 9.00–11.00.

**Röda Korset** är en organisation som kan ge råd i enskilda flyktingärenden och hjälpa till att söka efter en saknad familjemedlem. Ta hjälp av en vuxen för att kontakta dem.
Telefon: 020-41 50 00 tisdag–torsdag kl 9.30–12.00.

**Bris** är en organisation som ger stöd till utsatta barn och unga. Du som är under 18 år kan ringa och prata med en kurator om det du funderar mycket på eller behöver hjälp med.
Du kan vara anonym om du vill. Samtalet kostar inget.
Telefon: 116 111 måndag–söndag kl 14.00– 21.00, onsdagar kl 17.00–21.00.

**Barnrättsbyrån** är en organisation som erbjuder enskilda barn och ungdomar i Stockholmsområdet praktisk och juridisk hjälp, stöd och rådgivning. Alla barn och unga upp till 21 år är välkomna att höra av sig med frågor om sin situation. Vi har en medarbetare som pratar persiska.
Telefon: 072 - 565 33 46 Mejl: elin@barnrattsbyran.se

Observera att de flesta har lunchstängt.

**ሰይቭ ዘ ቺልድረን** (Rädda Barnen)፡ - ኣብ ስዊድን ይኹን ኣብ መላእ ዓለም - ኣብ ተኣፋፊ ኲነታት ንዘርከቡ ቆልዑ ደገፍ ዚህብ ውድብ እዩ። ንቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዜገልግል ኣብ ስቶክሆልም (Stockholm)፡ ጎተንበርግ (Gothenburg)፡ ማልሞ (Malmö) ከምኡውን ኡመያ (Umeå) ቤት ጽሕፈት ኣለዎ።
ተሌፎን፥ 08-698 90 00 ሰኑይ - ሓሙስ 8:30 ቅ.ቀ -5:00 ድ.ቀ ከምኡውን ዓርቢ ዓርቢ 12:45 ድ.ቀ - 4:00 ድ.ቀ

**መስመር ሓገዝ ሰይቭ ዘ ቺልድረን፡** ነቶም ባዕሎም ናብ ስዊድን ዝመጹ ቆልዑ ዜገልግል እዩ።
መንነትኩም ከይገለጽኩም ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ንኽትዘራረቡ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብዓረብ፡ ዳሪ ወይ እንግሊዝኛ ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ጻውዒት ድማ ብናጻ እዩ።
ተሌፎን፥ 0200-77 88 20 መዓልታዊ፡ ካብ 3:00 ድ.ቀ ክሳዕ 6:00 ድ.ቀ

**ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት ስዊድን** (Sweref)፡ ናጻ ኣገልግሎት ሕጊ ዚህብ ትካል እዩ። ብዛዕባ ዑቕባ፡ ምጽምባር ስድራ፡ ዜግነት ስዊድንን ሕጊ ኢሚግሬሽን ስዊድንን ንዚምልከት ሕቶታት ይምልስ።
ተሌፎን፥ 0200-88 00 66 ሰኑይ-ዓርቢ ካብ 9:00 ቅ.ቀ - 11:00 ቅ.ቀ

**ቀይሕ መስቀል፡** ንውልቃዊ ጉዳያት ስደተኛታት ኣተኲሩ ምኽሪ ክህብን ደሃዩ ንዝጠፍኣኩም ኣባል ስድራኹም ኣብ ምንዳይ ክሕግዘኩምን ይኽእል። ነዚ ቤት ጽሕፈት ንምርካብ ንዓበይቲ ሰባት ተወከሱ።
ተሌፎን፥ 020-41 50 00 ሰሉስ-ሓሙስ ካብ 9:30 ቅ.ቀ - 12:00 ድ.ቀ

**ብሪስ** (Bris)፡ ንተኣፈፍቲ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያት ደገፍ ዚህብ ትካል እዩ። ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ ዘሰክፈኩም ነገራት ወይ ብዛዕባ ክትሕገዝዎ እትደልይዎ ናብ

**ኣማኻሪ ደዊልኩም ከተዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንተደሊኹም ድማ መንነትኩም ከይተፈልጠ ኽትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ጻውዒት'ዚ ድማ ብናጻ እዩ።**
**ተሌፎን፥** 116 111 **ሰኑይ - ሰንበት ካብ** 2:00 **ድ.ቀ** — 9:00 **ድ.ቐ፡ ኩሉ ግዜ ዓርቢ ድማ ካብ** 5:00 **ድ.ቀ** —9:00 **ድ.ቐ**

**ቤት ጽሕፈት መሰላት ቆልዑ** (Office of Children's Rights)**፡ ኣብ ኣውራጃ ስቶክሆልም ንዝርከቡ ኩሎም ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዚኸውን ግብራውን ሕጋውን ሓገዝ፡ ደገፍን ምኽርን ዚህብ ትካል እዩ። ኩሎም እቶም ክሳዕ** 21 **ዓመታት ዝገበሩ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ ሕቶታት ንኽሓቱን ብዛዕባ ኩነታቶም ንኽዘራረቡን ዕዱማት እዮም። ፐርሽያ ክዘራረብ ዚኽእል ኣባል ሰራሕተኛ ኣለና።**
**ተሌፎን፥** 072 - 565 33 46 **ኢመይል፥**
elin@barnrattsbyran.se

**መብዛሕቱ እዋን ኣብ ግዜ ምሳሕ ዕጹው ምዃኑ ፍለጡ።**

HAMID PEDRO AMREN LEILA NABILAH ZARA YOUSEF ÅSA JOSEFIN NAZLI CATHARINA YASIR MOHAMMED FRIDA BELLIS IDA VIKTOR MAX TILDE ARSEMA SEBASTIAN ROBIN EMMA MARKO VIDAR EMILIA HANNA ARIENNE TIM ELVIRA

# ብዛዕባ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ

ስዊድን፡ ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ 2 ሚልዮን ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣለውዋ። ልክዕ ከምቶም ኣብ ሕብረተሰብና ዘለዉ ሰባት ድማ ህይወቶም፡ በቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉን ሰበ-ስልጣናት መንግስትን ብዚግበር ውሳኔታት ይጽሎ እዩ።

ኣብ ስዊድን ንዘለዉ ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾኑ ኩሎም ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ ተሓላቒ ፍትሒ ኣለዎም። እቲ ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡ ብመንግስቲ ዚምዘዝ ኮይኑ፡ ነቲ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ትካል መንግስቲ ብሓላፍነት ዚመርሕ እዩ።

ከባቢ 25 ሰባት፡ ኣብ መሰላት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣብ ዘተኮረ ጉዳያት ኣመልኪቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ ብምኺን ይሰርሑ።

ውዕል መሰላት ቆልዑ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ከመይ ይሰርሕ ከምዘሎ ክንምርምሮን ብዛዕብኡ ዚምልከት ሓበሬታ ክንህብን ኢና። ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡ ሕግታትን መምርሒታትን ምስ ውዕል መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ንኽሰማማዕ ብዛዕባ ኽግበረሉ ዘለዎ ሓሳባት ይህብ።

ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡ ምስ ቆልዑን ንኣሽቱ ቆልዑ ይዘራረብ፣ ከመይ ይነብሩ ከምዘለዉን ኣብ እተፈላለየ ጉዳያት ድማ ሓሳቦም እንታይ ምኻኑን ሓበሬታ ይህልዎ።

ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ፡ ነቶም ብጽቡቕ ዘይነብሩ ምስ ዘለዉ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ብፍሉይ ይዘራረብ። ነቲ ንሕና እንፈልጦ መዓልታዊ ህይወት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ብዚምልከት፡ ናብቶም ኣብ ክንዲ ምምሕዳራት ከተማ፡ ኣብያተ-ምኽሪ ወረዳታትን ዝሰርሑ ሰባትን ሰበ-ስልጣናት መንግስትን ከምዝመሓላለፍ ንገብር።

ተሓላቒ ፍትሒ ቖልዑ፡ ናብቶም ንመላእ ሃገር፡ ፓርላማ ስዊድንን መንግስቲ ስዊድንን ብዛዕባ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣመልኪቶም ሕግታት ንዝጽሕፉ ሰባት ድማ ጸብጻባት ይህብ እዩ።


**ቤት ጽሕፈት ተሓላቒ ፍትሒ ቆልዑ**
ኣድራሻ ጶስጣ፥ Box 22106, 104 22 Stockholm
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፥ Norr Mälarstrand 6
ተሌፎን፥ 08-692 29 50
ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡ ብዘሎና ንቖልዑ ዜገልግል መስመር ተሌፎን ገይርኩም ተወከሱና፥ 020-23 10 10
ኢ-መይል፥ info@barnombudsmannen.se
መርበብ-ሓበሬታ፥ www.barnombudsmannen.se


BARN OMBUDS MANNEN

Tigrinska 2015